# ኣደ ሰለስተ ሚልዮን

## ካን ዘ'ኽቲምኪ ከም መ'ኻን

ብተስፋማርያም ወ/ጊዮርጊስ ኖርወይ 04/06/07

ዎኤርትራ ድሕሪ ስውኣትና ህግደፍ ኣዘ'ኽቲሙኪ
መልሚልኪ ዘፅበ'ኽዮ ኩሉ ብቓልፅ ኪሒዱኪ
ሎምስ ኣፍሪሑና ስምኪ ከይሕከ'ኽ ከምዘይ ነበርኪ
ህግደፋውያን እናጣ'ቕዑ ንበላፅተኛታት ሸይጦሙ'ኺ
ብታኣምር ድኣ ይውጋሕ ካብ ደቅ'ኽስ ቦ'ኹርኪ

ዎኤርትራ ዓዲ ወራዙት ነበር ሰዊት ለምለም
ንዓይ ይጥዓመኒ ዝብሉ ወሊድኪ ውዕል ጠለም
ሓላዩ ሲኢንኪ ቀኒዑ ዝቃለስ ን'ቕሳነት ሰላም
ደቀይ ዝበልክዮም ኣሕሊፎም ሂቦሙ'ኺ ንሓራም

ብሓሶት ዝታለሉ ዓገበኛታት ብህዝቦም ዝጣልዑ
ርእሶም ገጂፍ በፍንጮኦም ዝሓስቡ ከም ቆልዑ
ጭንቀት ዝሓደሮም ሰነፋት ንቐጥቃጢ ዘጣ'ቕዑ
ንህዝቦም ረሲዖም ቃል ነብዩ ህግደፍ ዘኳማስዑ
ኮነይሎም ተዓጢ'ቖም ንዓማጺ ዝውድሱ ዘጸናንዑ

ሰብ ካብ ድቃሱ ክትስእ ይብል ድሓን የውዕለና
ህግደፍ ድማ ይብል ሎሚ'ሽ ክንደይ ክንቀዝፍና
ሕልሞም ስለ ዝ'ኾነ ካብ ሱርና ሚሖም ከሕሩሩና
ኣዐሪዮም ስለ ዝፈልጡ ጥሙራት ከምዘይኮና
ፍጡራት ም'ኳና ረሲዖም ን'ዒቖም ፈንፊኖሙና

ካብቶም ናይ ህግደፍ ኣ'ኽላባት ውሕ ዝብሉ ዝነብሑ
ካብ ሓቂ ፈሪሑ ተሓቢኡ ኣ'ጆ'ኹም ዝብል በዚሑ
ብኣረጊት 'ሽጣራ ዘይግጠሙ መሲልዎም ዝጎርሑ
ከም ደቅሰብ ሕልና ዘይብሎም ጨካናት ዘይረብሑ
ጉዳይ ሃገር ተሸፊንካ ኣይፍታሕንዩ ብድምጺ ተቓልሑ

ታይ ዓይነት ሕማምዩ ዎሪዱና ዘሎ ናይ መን መርገም
ሕማ'ቕ እናሬኤ'ኻ ዓይን'ኻ ዘዐምት ዘጽድፍ ናብ ህጉም
ይኣክልባ ሎምስ ንተኣረም ንሕመ'ቕና ንግበረሉ ል'ኳም
ሃገር ከይንስእና ባዶ ከይንተርፍ ከይኮውን ሕልምልም

ሃገር ከይቀሃመት ሓቢርና ንሕሰብ ድሓር ከይንበኪ
ድሓንኩኒ ሻውለይ ከይ'ሽውን ቓው ቅድሚ ምፍራስኪ

ዘለኣለም ዝ'ኽሪ ን'ጀጋኑና